ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ
ኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት

المجلس الوطني الإرتري للتغيير الديمقراطي
رئيس المكتب التنفيذي

Eritrean National Council for Democratic Change
Chairman of the Executive Office

# መግለጺ

ስርዓት ህግደፍ፡ ስልጣን ካብ ዝጭበጥ ኣትሒዙ፡ ክብሪ ወዲ ሰብን ባህልን ልምድን ሕብረተሰብ ኤርትራን ጓዕጺጹ፡ ብተደጋጋሚ ኣብ ልዕሊ መራሕቲ ሃይማኖታት ኤርትራ ግፍዒ ከወርድ ምጽናሑ ብቐጻሊ ክነጋልጽ ጸኒሕና፡፡

መቐጸልታ ናይዚ እከይ ተግባራቱ፡ ንክቡር ፓትርያርክ ኣቡና ኣንጦንዮስ ሕጋዊ ጳጳስ ኦርቶዶክሳዊት ቤተክርስትያን ኤርትራ፡ ካብ ንነዊሕ ዓመታት ኣብ ማሕዩር ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ሒዝዎም ከምዘሎ ዓለም መላእ ዝፈልጦ እዩ፡፡

ኣብዚ ቀረባ መዓልታት ካብ ወሽጢ ሃገር ዝረኸብናዮ ርጉጽ ሓበሬታ፡ ብጽኡነቶም ብሕማም ምኽንያት ኣብ ኣዝዩ ሕማቕ ኩነታት ከምዝርከቡ ይሕበር፡፡ ኣብ ልዕሊ እዞም ዓብይ መንፈሳዊ ሃይማኖታዊ መራሒ ዝወርድ ዘሎ ኢ–ሰብኣዊ ማስተንከርን እከይ ተግባርን፡ ብሩህ መግለጺ ናይቲ ስኽፍ ከይበሎ ክብሪ ሃይማኖታት ህዝብና ረጊጹ ዝገዝእ ዘሎ ጸረ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ህግደፍ ምዃኑ እዩ፡፡

ብጽኡነቶም ካብ ማሕዩርነት ሕጂ ብቕጽበት ክልቀቑ፡ ምስእቶም ቅድሚ ሕጂ ዓው ኢሎም ድምጾም ከስምዑ ዝጸንሑ ሸነኻት፡ ነጻ ኾይኖም ባህርያዊ ቦታኦም ክሕዙ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራሲያዊ ለወጢ መርገጹ ይገልጽ፡፡ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ክርስትያንን ኣስላምን ብሓባር ኮይኖም ነዚ ኣረሜናዊ ተግባር ብትብዓት ክኹንንዎን ክምክትዎን ታሪኻዊ ግድነት ኢዩ፡፡

መንግስታትን ሕቡራት ሃገራትን ተሓለቕቲ ሰብኣዊ ማሰላትን፡ ንኩነታት ብጽኡነቶም ክብደት ብምሃብ፡ ኣብ ልዕሊ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ ጽቕጠት ከካይዱ ብትሪ ነማሕጽን፡፡

ቤት ጽሕፈት ኣቦ ወንበር ፈጻሚ ኣካል ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለወጢ
29- ጥሪ 2012